ብሓደ አምላኽ ብአብን ብወልድን ብመንፈስ ቅዱስን ጸሎት ናይ ንጽሕቲ አዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲት አምላኽ አደ ብርሃን ጸሎታን በረኽታን ምስ ንዘለዓለም ብሓቂ ፀኒው ይንበር።

እዚ ጸሎት አዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዕለት ዕስራን ሓደን ሰነ አብ ጎልጎታ መቓብር ናይ ጎይታናን አምላኽን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኮይና ዚጸለየቶ እዩ።

ጎይታይን አምላኽይን ወደይን ንጉሠይን ኢየሱስ ክርስቶስ ብፍቓድካ ካባይ ተወሊድካ ካብ ኣጥባተይውን ጸባ ጠበውካ ንኣኻ ሰማይን ምድርን ኣይውሰኑኻ፡ መወዳእታ ዓለም ኣይኣኽለካ፡ ምድሪውን

ክትፃረካ ኣይከኣላን እዩ። ከርሢ ቀላያትን መፅሙቕ ባሕርታትን ማዕበለ ናይ ክረምትን ኣብ ቅድሚኻ ክንዲ ሕፍኒ ኢድካ ኣይኣኽሉን እዮም። መላእኽትን ኃያላትን ናባኻ ኣይቀርቡን እዮም።

ኦ ጎይታይ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኣነ ኣይኻ ማርያም ኣነ ባርያኻ ኣነ ፀዋሪትካ ኣብ ከርሠይ ትሸዓተ ወርሓን ኃሙሽተ መዓልትን ያርኩኻ። ኣብ ውሽጢ ማሕፀነ ይውን ኃደርካ፡ ካብ ኣጥባተይ ጸባ ጠበውካ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ዝባነይ ኃዘልኩኻ፡ ንሠላሳ ዓመት ምሳኻ ተመላለስኩ። ርጉም ሄሮድስ ክቕትለካ ምስ ደለየ ምሳኻ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ተሰደድኩ። ጎይታይን አምላኽይን ኢየሱስ ክርስቶስ ንቓል ጸሎተ

ይን ልማኖይን ስማዕ።

ጎይታይ ኑቲ አብ ከርሠይ ንትሸዓተ ወርጎን ኃሙሽተ መዓልትን ዝየርኩኻ ዘክር። ጎይታይ ኑቲ አብ ማጎፀነይ ዝኃደ ርካዮ ዘክር። ጎይታይ አብ ቤተ ልሔም አብ ጊዜ ቀሮን አሳሓይታን ዝወለድኩኻ ዘክር። ጎይታይ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ምሳኻ ዝተሰደድክም ዘክር፡ ጎይታይ ኑቲ ብሰንክኻ ዝበጽሓኒ ጥምየትን ጽምእን ዘክር። አነ ምእንቲ ጻድቃን ዘይኮነስ ምእንቲ እቶም ብስመይ ዝክር ዝገብሩ ኃጥኣን እልምነካ አሎኹ። ጎይታይ ንጸሎተይን ልማኖይን ስምዓኒ፡ ኑቲ አነ ዝልምነካ ከም እትሰምዓኒ ንኩሉ ናይ ውሽጢ ልበይውን ከም እትፍጽመለይ እፈልጥ እየ። በዛ ሰዓትን

በዛ ዕለትን ዓሰርተ ክልተ መልእኽቲ ብርሃን ክልተ መላእኽቲ ሰላም ዕስራን አርባዕተን መላእኽቲ ምሕረት ምሳይ ክቆሙን ንኩሉ አብ ውሽጢ ልበይ ዘሎ ንኩሉ ልማኖ ከናፍረይ ንኽፍጽመሉይ ለአኮም። ካባኻ ድማ ንኩሉ ሠናያትካ እደሊ አሎኽ።

አ ፍቕር ወደይ ብእግዚአብሔር አቦኻ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ምሳኻ ህልው ዝኾነ እልምነካ አሎኽ። አ ፍቕር ወደይ ብእግዚአብሔር አቦኻ ቅድሚ ሰማይን ምድርን ምፍጣሩ፡ ቅድሚ ኅቦታትን ኮረ ቢትን ምፍጣሩ፡ ቅድሚ መላእኽትን ሰብን ምፍጣሮም፡ ቅድሚ ፀሓይን ወርኀን ከዋኽብትን ምፍጣሮም ቅድሚ መዓልትን

ምእንታ'ኻ ጥምየትን ጽምእን ረ'ኸበኒ። ሄሮድስ ምስ አሳደደና ናብ ኩለን ዓድታት ግብፂ ብዝተሰደድናዮ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ በቲ ካብ አዒንተይ ዝዛረየ አብ ልዕሊ ክቡር ሥጋ'ኻ ዝወረደ ውዕይ ንብዓተይ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ በተን ንአ'ኻ ዝሰዓማ ከናፍረይ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ በታ ምሳ'ኻ ዝተዛረበት ልሳነይን በተን ኑቲ ጥዑም ቃላትካ ዝሰምዓ አእዛነይን በተን ምሳ'ኻ ንሠላሳን ሠለስተ ኻመት ዝተመላለሳ አእጋረይን እልምነካ አሎ'ኹ።

አ ፍቕር ወደይ በቲ ንስ'ኻ ዝደቀስ ካለ መብልዒ ማል፡ አብአውን እሳተ መለኮት ከለ'ኻ ብአፁር'ቕቲ ዝተጠ'ቕለል

ለይትን ምፍላዮም ምሳ'ኻ ህልው ዝ'ኸነ እልምነካ አሎ'ኹ።

አ ፍቕር ወደይ ብጸራቅሊጠስ መንፈስ ቅዱስ ካብ አቦ'ኻ ዝወፅእ ካባ'ኻ ኸኣ ዝወስድ፡ ቅድሚ ኮ'ኹብ ጸባሕ አብን መንፈስ ቅዱስን ምሳ'ኻ ህልዋት እዮም። አ ፍቕር ወደይ በቲ አብ ውሽጢ ከርሠይ ትሸዓተ ወርኀን ኃመ'ሽተ መዓልትን ዝፃርኩ'ኻ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ አብ ውሽጢ ማኅፀነይ ብምኑዳርካ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ በተን ንአርባዕተ ዓመት ጸባ ዘወንገላ'ኻ ክልተ አጥባተይ እልምነካ አሎ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ በቲ ንአርባዕተ ዓመት ዝሓዘለካ ዝባነይ እልምነካ አሉ'ኹ። አ ፍቕር ወደይ

ካሉ እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ ብሚካኤል መልኣኽ ምኽርኻን ብገብርኤ ል ብሥራታዊ በቲ ንኣኻ ከም ዝወልድ ብኽብሪ ዘበሠረኒ መልኣኽ እልምነካ አሎ ኹ። አ ፍቐር ወደይ ብከፋቲ ማኅፀን ብመልኣኽ ሩፋኤል እልምነካ አሎኹ።

አ ፍቐር ወደይ ብመልኣኽ ሰላምን ድኅነትን ብዑራኤል እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ ብሰዳክያል መጸናንዒ ኀዙና ትን ብሰላትያል ጻድቕን ለዋህን እልምነካ አሎኹ።

አ ፍቐር ወደይ ብኣርባዕተ እንስሳ ፀወርቲ ወንበርካ እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ በዕስራን ኣርባዕተን ካህናተ ሰማይ በቶም ብሥምረት ንኣኻ ዘመስግኑን

ንወንበርካ ዝዓጥኑን እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ በቶም ዝለኣኹኻ ብተስዓን ትሸዓተን ነገደ መላእኽቲ እልምነካ አሎ ኹ። አ ፍቐር ወደይ በቶም አብ ቅድሚ ኻ ዝቆሙ ብእልፍ እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ በቶም ብደጎሬኻ ዝቆሙ ብእልፍ እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ በቶም ብጸጋምካ ዝቆሙ ብእልፍ እልምነካ አሎኹ። አ ፍቐር ወደይ ብእልፊ አእላፋት ወትእልፊተ አእላፋት ትጉሃን መላእኽቲ አብ ዙርያ ወንበርካ ብገዘቆሙ እልምነካ አሎኹ።

አ ፍቐር ወደይ ብስፍሓት ሰማይን ምድርን በቶም አብ ውሽጢ ደመና ዝመላለሱ መላእኽቲ እልምነካ አሎኹ።

Scanned with CamScanner

አ ፍቑር ወደይ በዶም ቅድሚ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ምፍጣሮም አብ ውሽጢ ፀሓይን ወርጎን ከዋኽብትን ዝመላለሱ መላእኽቲ እልምነካ አሎኽ።

አ ፍቑር ወደይ በዶም አብ ውሽጢ ሓዊ ዝመላለሱ መላእኽቲ እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ ብሰማይ ወንበርካን ብምድሪ መርገጺ እግርኻን እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ ብኢየሩሳሌም ሃገርካን ብደብረ ታቦር በቲ ምሥጢርካ ዝገለጸካሉን መልክዕኻ ዝተቐየረሉን እልምነካ አሎኽ።

አ ፍቑር ወደይ ብደብረ ዘይትን ብደብረ ጸዮንን መእተዊ መንግሥትኻ እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ

ብየርዳኖስ ዝቐምካሉን ብቅዱስ መንፈስካን ብቻል ካብ አፍካ ብዝወጸን እልምነካ አሎኽ።

አ ፍቑር ወደይ ብሸንካር ናይ አእዳውካን አእጋርካን ብቅዱስ ሥጋኻን ብኽቡር ደምካን እልምነካ አሎኽ።

አ ፍቑር ወደይ ብሕማምካን ሞትካን እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ አብ ውሽጢ ከርሣ ምድሪ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ብምጎዳርካ እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ አብ ከርሣ መቓብር ብምጎዳርካን ናብ ማዕመቕ ሲኦል ብምውራድካን እልምነካ አሎኽ። አ ፍቑር ወደይ አብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታን ብምትንሣእካን ናብ ሰማይ

ብዓቢይ ምስጋና ብምዕራግካን እልምነካ
ኣሎኹ።

ኦ ፍቕር ወደይ ብዳግማይ ምጽኣ
ትካን ብመጋረጃ እሳትን ብጽርሐ ኣርያም
መጎደሪኻን እልምነካ ኣሎኹ። ኦ ፍቕር
ወደይ ብዘይ ሰዓር መንግሥትኻን ብዘይ
ውዳእ ዘመንካን ብዘይ ጎድል ሓጐስካን
ብዘይ ደንን ወንበርካን እልምነካ ኣሎኹ።

ኦ ፍቕር ወደይ ብጼቃን ሴቃን ስምካ
እልምነካ ኣሎኹ። ኦ ፍቕር ወደይ በቲ
ንጻላኢ ዝወግእ ብኣ.ያኤል ስምካን በቲ
ብጸላኢ ዘይሰዓር ብታ.ዳኤል ስምካን እል
ምነካ ኣሎኹ። ኦ ፍቕር ወደይ ክንገር
ብዘይክኣል ጎቡእ ስምካን ክትርገም ብዘይ
ክኣል ብዝተገልጸ ስምካን እልምነካ ኣሎኹ

ኦ ፍቕር ወደይ ብሳዶር፡ ኣላዶር፡
ዳናት፡ ኣዬራ፡ ሮዳስ ብኃመሽተ ሸንካራት
መስቀል እልምነካ ኣሎኹ። ኦ ፍቕር
ወደይ ንኩሉ ናይ ውሽጢ ልበይ ንኽትፍ
ጽም ኣብዚ ምሳይ ቀሙ፡ ዝተዓጽዋ ቀጽር
ታት ይረሓዋ፡ ሥልጣን ናይ ሞት ይጥፋእ
ሥልጣን ናይ ርኹሳት መናፍስቲ ይሰዓር
ካብ ኩሉ ቦታ ኃይሊ ናይ ጸልማት
ይጥፋእ፡ ከም ማይውን ይኽኑ። ኩሎም
ምስልታት ጣዖት ይደምሰሱ ኩሎም ኣብ
ያቶ ጣዖታት ይቀጥቀጡን ፋሕ ይበሉን።

ኦ ፍቕር ወደይ ንኽትሰምዓንን ናባይ
ንኽትመጽእን እልምነካን እምነፀነካን
ኣሎኹ። ከምዚ ኢላ አደ ብርሃን ጥዕምቲ
ስም ወላዲት አምላኽ ኣይና ቅድስት ድን

Scanned with CamScanner

ግል ማርያም ምስ ጸለየት፡ መሬት ኣንቀጥ
ቀጠ ኣኻውሕ ተሰብሩ መቓብራት ተኸፍ
ቱ፡ ኩሎም ዝተዓጽው ተራጎው።

ሽዑ ተስዓን ትሸዓተን ነገደ መላእኽቲ
ሠራዊቶምን ኣሕሉቆምን ብየማነ ጸጋም
ቆሙ። ምስኡም ድማ ጎይታና ኢየሱስ
ክርስቶስ ወረደ። ንእኡ ተኽቲሎም እልፍ
ኣእላፋት ወትእልፊተ ኣእላፋት ብየማኑን
ብጸጋሙን ቆሙ። ብቕድሚኡን ብድጎሪ
ኡን ኣርባዕተ ብርሃናት ካብ ብርሃን
ፀሓይን ወርኀን ዝበልጽ ብርሃን ኣብርሁ።
ከምዚ ኢሉ ንፍቕር ወዳ ብዓቢይ ግርማ
ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ
ረኣየቶ ኣዝያ ብጣዕሚ ተገረመትን ተደነቕ
ትን።

ሽዑ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንወላ
ዲቱ ኦ ወላዲተይ ንምንታይ ክሳዕ ክንድዚ
ትድነቒ፧ ንስኺ እኳ ትሸዓተ ወርኀን
ኃመ-ሽተ መዓልትን ኣብ ከርሥኺ ኣብ
ውሽጢ ማኀፀንኪ ዝፆርክኒ ኢኺ በላ።

ሽዑ ክብርቲ ኣዴና ቅድስት ድንግል
ማርያም ኣቐዲመ ብኽምዚ ዝበለ መልክዕ
ኣይረኣኹኻን እንተኾነ ግና ኣብ ማኀፀነይ
ብዝርኣ ብሥጋ መዋቲ ፆርኩኻ። ሕጂ
ግና ብኣዝዩ ዘፍርሕን ዘርዕድን ብግርማ
መለኮት እርእየካ ኣሎኹ በለቶ።

ጎይታ ኽኣ ኦ ኣደይ ኦ ወላዲተይ ኦ
ፀዋሪተይ ኣብ ከርሥኺ ትሸዓተ ወርኀን
ኃመ-ሽተ መዓልትን ፆርክኒ። ኣብ ዝባንኪ
ሓዘልክኒ፡ ካብ ኣጥባትኪውን ካብ መዓርን

ሽኮርን ዝጥዕም ካብ በረድ ዝፅዕዱ ካብ ማይ ግኑት ኤደም ዝነጽሕ ጸባ ኣጥበው ክኒ። ስለዚ ኣ ወላዲተይ እንታይ ክገብረ ልኪ ትደልይ ኣ ማርያም ኣደይን ወላዲተይን እንሆ ንኡሉ እትደልይዮ ንዝለመን ክኒ ኩሉ ክፍጽመልኪ እየ በላ።

ሽዑ ክብርቲ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ንፍቕር ወዳ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንስኻ ተስፋይን መጸግዕየይን ኣብ ልዕሊ ኩሉውን ትውክልተይ ኢኻ። ብእኻ ኣብ ውሽጢ ከርሣ ወላዲተይ ፀናዕኩ፡ ኣብ ውሽጢ ማኅፀናውን ንስኻ ከደንካኒ። ንስኻ ኩሉ ገዚ መዘኸርታይ ኢኻ። ብዳኅራይ ዘመን ብፍቕድካን ብሥምረትካን ብሥምረት ኣቦኻን መንፈስ ቅድስን ካባይ ተወለድካ

ሕጂ ድማ ኦ ጎይታይ ኣነ ወላዲትካ ማርያም ንዝነግረካ ንጸሎተይን ንልማኖይን ንኡሉ ቃላተይን ስማዕ።

ምእንቲ እቶም ዝኽረይ ዝገብሩ፡ ብስመይ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝሓነፁ ኣብያተ ብርሃናት ሕነፀሎም። ንዕሩቕ ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዘልብሶ ጎይታይ ዘይጠፍእን ዘይጽምሉን ኣድ ደቂ ሰባት ዘይገብሮ ትርኢቱ ድማ ዘደንቕ ድርዓ ጽድቂ ኣልብሶ። ንድውይ ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዝሓገዘ ጎይታይ ብምሕረትካን ብለውሃትካን ሓግዞ። ንጥሙይ ካብቲ ናቱ እንጌራ ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዘበልየ ጎይታይ ጎብስቲ ሕይወት ኣብልዓዮ፡ ኣብ ውሽጢ ሰማያዊ ማኣድኻውን ኣንበሮ።

Scanned with CamScanner

ንጽሙእ ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዘስተዮ ጎይታይ ካብ ማይ ሕይወት ካብ ገነት ኤዶም ኣስትዮ።

ንጎዙን ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዝናዘዞ ጎይታይ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ኣብ እትፍ ለየሉ ጊዜ ናገዞ። ንትኩዝ ምእንቲ ስመይ ኢሉ ዘሐንሶ ጎይታይ ኣሐንሶ ምስ ኩሎም ቅዱሳንካ ምስቶም ንኣኻ ዘስመሩ ውን ደምሮ።

ንመጽሓፍ ውዳሴይ ዝጸሓፈን ዘጽሓፈን ብስመይ ንዝጸለየን ጎይታይ ስሙ ኣብ ዓንዲ ብርሃን ሰማያዊ ጸሓፎ። ነዛ መጽሓፍ ጸለ°ት ዝተሰከማን ኣብ ክሣዱ ዝኣሰራን ጎይታይ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምዖ ኣብ ውሽጢ ልቢ ደቂ ሰባት ዘይተሓስበ

ዓስቢ ሃቦ። ኦ ፍቕር ወደይ ምእንቲ ኩሎም እቶም ብኣይ ዝኣምኑ ካብ ሞትን ሲኦልን ከተድኅኖም እልምነካ ኣሎኹ። ዝኽረይ ዝገበረን ክብር ዝተመነየን ንማኅሌት ምስጋናይ ዝዘመረን ኣብ ዕለተ በዓለይ ዘመስገነኒ ጎይታይ ምእንቲ ስመይ ኢልካ ማኅሌት ናይ መላእኽቲ ኣስምዓዮ።

ሽዑ ጎይታ ሐራይ ከምቲ ዝበልክዮ ይኹን። ብስምኪ ቤተ ክርስቲያን ዝሓነፀ ኣነ ንእኡ ኣብያተ ብርሃናት ኪሓንፀሉን ንጹሕ ማኅደር ኣብ መንግሥተ ሰማያት ክህቦን ምስ ኣቦይን መንፈስ ቅዱስን ከንብሮ እየ። ንድውይ ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ዝሓገዙ፡ ኣነ ሓሚሙ ኣብ ዓራት ኣብ ዝድቅሰሉ ጊዜ ክበጽሐን ካብዚ ኃላፊ

ዓለም አብ ዝፍለየሉ ጊዜውን ንመሪር ጽዋዕ ሞት አይከስትዮን ክሳዕ መንግሥተ ሰማያት ዝኣቱ ኸአ አነ አይኃድጐን እየ። ርኹሳት መናፍስቲ አብ ሰማይ እንድሓር ተጻቢአሞ አነ ክጻብአምን አብ ዕለተ ፍርዲውን አነ ረዳኢ ክኾኖ እየ።

ንዕሩቕ ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ዘልብሶ፡ አነ ዘይተፈትለን ዘይተአልመን ልብሲ ሕይወት፡ ንምርአዩ ዘደንጹ ከልብሶን ዘይጠፍእን ዘይጽምሉን ኣኽሊል ሕይወት ውን ክህቦ እየ። ንጥሙይ ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ካብ ጎብስቲ ዘበልየ፡ አነ ኢድ ናይ ደቂ ሰባት ዘይሰርሐ ጎበስቲ ሕይወት ክብልየ እየ። ንጽሙእ ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ዘስተዮ፡ አነ ጽዋዕ ማይ ሕይወት ካብ

ገነት ኤደም ዝወሓዘ፡ ካብ ጸባ ዝፃዕደወ፡ ካብ መዓርን ኾኮርን ዝጠዓመ፡ ክስትዮ እየ።

ንጎዙን ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ዘጸናንየ፡ አብ ልዕሊኡ ንህን ኃዘንን አብ ዝበጽሓሉ ጊዜ አነ ክጸናንየ እየ። ንትኩዝ ምእንቲ ስምኪ ኢሉ ዘሐጐሶ፡ አነ አብ ቅድሚ ሰማያዊ አቦይ አብ መንግሥተ ሰማያት ከሐጉሶ እየ።

መጽሓፍ ውዳሴኺ ዝጸሓፈ ወይ ዘጽሓፈ አነ ንስሙ አብ ውሽጢ መጽሓፍ ሕይወት ክጽሕፎ እየ። ንቤተ ክርስቲያን ምእንቲ ስምኪ ኢሉ መብራህቲ ዘይቲ ዕጣን ካልእን ዝሃበ አነ አብ መንግሥተ ሰማያት ካብ ፀሓይን ወርሃን ዝበልጽ

ብርሃን ከብርሃሉ እየ። ዕጣን ንዝሃበ ኸኣ ብመኣዛ መላእኽቲ ከምእዞ እየ።

ንወዱ ወይ ንጓሉ ብስምኪ ዝጸውዐ ኣነ ኣብ ቅድሚ ሰማያውያንን ምድራውያንን ሞገስ ክህቦ እየ። እዛ መጽሓፍ ጸሎት ኣብ ዘላትሉ ምሕረትን ሰላምን ጽጋብን ሓጐስን ንዘለዓለም ከንብር እየ።

ስምክን ሥዕልኽን ኣብ ዘለም፡ ሥዕልኺ ኣብ ዝተተኽለ፡ ስምኪ ኣብ ዝተጸውየ፡ ዝክር ብስምኪ ኣብ ዝተገብረሉ፡ ኩሉ ብስምኪ ጸሎት ዝገብር፡ ኃይሊ ኣጋንንቲ እኩያት ናብኡ ኣይክቀርቡን ኃይልታት ጸልማት ክፍኣት ካብኡ ክርሕቑ እዮም። ነዛ ጸሎት ዝያራ ኃይልታት ጸልማት ኣይክእልዎን ኩሎም መናፍስቲ ርኹሳን፡

ኣጋንንቲ ቀትሪ ናብኡ ክቐርቡ ኣይከኣሎ ምን እዩ።

ከም ሕልሚ ለይቲ ወይ መዓልቲ ዝመስሉ፡ ከም ዕንቅፋት እግሪ ወይ መውጋእቲ እሾክ ዝመስሉ፡ ከም ብመግቢ ማሕነኞቲ ወይ ብምስርናኞ ማይን ወይን ን ከም ስኽራን ወይ ቍጠዓ ዝመስሉ፡ ከም ቀሐርን ምዕጻው ጎሮሮን ዝመስሉ፡ ከም ሕማም ኣስናንን ሽታ ኣፍን፡ ከም ሕማም ዓይንን ሕማም ርእስን ዝመስሉ፡ ከም ሕማም ልብን ፈጸጋን ዝመስሉ፡ ከም ሕማም ረስንን ምንዳድን ወይ ከም ሕማም ምንቅጥቃጥ ዝመስሉ፡ ብባሕርን ብምድርን ብኣዕፈዉን ኣእማንን ብሓውን ትክን ወይ ብትውዝፍት ዝመስሉ፡ ብመገዲ ፍቕርን

ሰላምን ከምኡውን ብጽልኢ ዝመስሉ፡ ከም ብምንቃው ኣራዊትን ኣዕዋፍን ዝመስሉ፡ ከም ብሓሩር ፀሓይ ወይ ቍርን ኣሳሓይታን ከም ኃያል ኣውሎ ንፋስን መንከስቲ ኣኽላባትን ዝመስሉ፡ ከም ሕንዚ ኣራዊትን ምንዳድ ሓውን ዝመስሉ፡ ብጊዜ ጸልማት ብለይትን ብጊዜ መዓልቲ ብብርሃንን እዚ ኣም ኵሎም ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ብንጹሕ ሕልና ንዝየራ ኣይቀርብምን እዮም። ዓይኒ እኾያት ሰባት (ቡዳ) ናብዚ ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ዝደግም ሰብ ኣይቀርቡን እዮም። እዛ መጽሓፍ ጸሎት ኣብ ልዕሊ ግራት እንድጎር ተነቢባ ጸረ እኽሊ ዝኾኑ ሰባትን ባልዓትን ኣራዊትን ብመዓልቲ ኮነ ብጊዜ ለይቲ ብዓይኒ ዝረኣዩን ዘይረኣዩን ከም

በረድን ኩብኩብታን ኣንበጣን ክቑርብዋ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ቤቱ ዝርከብ እንስሳ እንድጎር ሓሚሙ ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ኣንብቢሉ ንኩሉ ነዛ ጸሎት ዝየራ ካብ ኵሉ ሕማምን ፅኑዕ ምድናስን ከድጎ ኖን ክሥውሮን እየ። እንድጎር ሓሚሙ እቲ ሕማሙውን ደጎን እንድጎር ኮይኑ ኣነ ቀልጢፈ ከም ቅጽበት ዓይኒ ኩተንሥኦ ኃጢኣት እንድጎር ገይሩውን ኃጢኣቱ ኪኃድገሉ እየ። እቲ ሕማሙ ኣዝዩ ፅኑዕ ናብ ሞት ዘብጽሕ እንድጎር ኮይኑ፡ ንነፍሱ ናባይ ምእንቲ ከብጽሕዋ ኣነ ናብኡ መላእኽቲ ብርሃን ክልእኽሉ እየ። ርኹሳት ኣጋንንቲ ናብኡ ኣይቀርቡን ኣብ ሣልሳይ ሰማይ ኣይቃመምን ምስኡውን ኣይቆሙ

Scanned with CamScanner

ን እዮም። ካልኣይ ኣነ ክቃወመሉን ኣብ
ዕለተ ፍዳውን ረዳኢ ክኾኖን ምስ ኣቦይን
ጴራቅሊጦስ መንፈስ ቅዱስን ክንመጸ ኢና፡
መሊሶ ድማ ዓሠርተ ክልተ ኣሕሊቕ
ሠራዊት ብርሃን ብወርቂ ዝተሰርሐ ሽቱ
ዘለዎም ከም ቀስተ ደመና ዝመስል፡ ገሊኡ
ከም ሓዊ ገሊኡ ከም መብረቕ ዝመስል
ጽንሓታትን ዘውድን ፀይሮም ክመጹን ነቲ
ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ዝየራ ንእኡ ንምቕባል
ክሳዕ ኃምሻይ ሰማይ ክንወርድ ኢና። ሽዑ
ኣነ ኣብ እንግድዓይ ክየሮን ንባሕሪ እሳት
ከሳግሮን ኣብ ቅድሚ ወንበረይ ከብጽሐን
እየ። ነዚ ዝረኣዩ መንፈሳውያን ሠራዊት
መላእኽቲ እናኣንሸብሸቡ ብኣኽናፎም
እናኣጣቕዑ ነቲ ነዛ መጽሓፍ ጸሎት እዚኣ

ዝየራ ሰብ ክኾብዎ እዮም።

ኣብ ወንጌል ዝበልክዎ ኣይሰማዕክን
ዲኻ፧ ሓደ ሰብኣይ ሚእቲ ኣባጊዕ ነበርኡ፡
ካብኣተን ሓንቲ ጠፍኣቶ። ነተን ተስዓን
ትሸዓተን ኣብ በረኻ ጎዲጉ ነታ ዝጠፍኣቶ
ክደሊ ኼደ። ምስ ረኸባ ኼኣ ተሓጐሰ ኣብ
መንኩቡ ሓንገራ። ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ
ድማ ነዕሩኹን ንጐረባብቱን ብሓደ ጸዊው፡
ነታ ዝጠፍኣትኒ በጊዐይ ረኺበያ እሞ፡
ምሳይ ተሓጐሱ ይብሎም።

ከምኡ ኼኣ ንስሓ ካብ ዘይደልዩ ተስዓን
ትሸዓተን ጻድቃን ብሓደ ዚንሳሕ ኃጥእ
ኣብ ሰማይ ሓጐስ ኪኾውን እዩ እብለኩም
ኣሎኹ። ከምኡውን ነዛ መጽሓፍ ጸሎት
ዝየራ ሰብ ብእኡ ምኽንያት ኵሎም

ሠራዊት መላእኽቲ ክሕጐሱ እዮም።

ኣይሰማዕክን ዲኺ፧ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ኣብ እትወጸሉ ካብዚ ኃላፊ ዓለም ኣብ ዝፍለየሉ ጊዜ ኣነ ምስ ኣቦይን መንፈስ ቅዱስን ኮይነ ንደብረ መቕደሰይ ከውርሰን ከሳልሞን እየ። እዛ መጽሓፍ ጸሎት ኣብ ዘላትሉ ንዘለዓለም ሰላምን ምሕረትን ጽጋብን ተድላን ኪኸውን እዩ።

እዛ መጽሓፍ ጸሎት ኣብ ዝተነበትሉን ዝተደግመትሉን ጊዜ ሕማም ኣኽዋፍን ብድብድን ዝተፈላለዩ ሕማማት ረስንን በብኣስማቶም ናብኡ ኣይክቀርቡን እዮም። ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ዝያራ ኣነ ንእኡን ንውሉዱን ንንብረቱን ንቤቱን ንጥሪቱን ክባርኽ እየ። ነዛ መጽሓፍ ጸሎት ብንጹሕ

ልብን ብፅኑዕ እምነትን ኣሚኑ ብማየ ድጋማ ዝተሓጽበን ዝሰተየን ኣብ ውሽጢ ቤቱን ኣብ መገዱን ዝነጸገ ኣነ ንጸሎቱ ክሰምየን ልቡ ንዝምነዮ ክህቦን እየ።

ሚካኤልን ገብርኤልን ክለኣኽዎን ኣብ መላእኽቲ እናመጹ ክሕልውዎ እዮም። ኦ ማርያም ወላዲተይ ኦ ድንግል ኣደይ እዚ ኩሉ ፅሸር ብሰማይን ምድርን ሂበኪ ኣሎኹ በላ።

ብርኹቲ ድማ ኦ እሙን ወደይ ኦ በኹረይ እዚ ኩሉ ዝበልካኒ እሙን እዩ በለቶ። ጎይታ ክኦ ኦ ማርያም ወላዲተይ ኣነ ከም ዘይሕሰኺ ብእግዚኣብሔር ኣቦይ ን ብክርስቶስ ስመይን ብጸራቅሊጦስ መን

Scanned with CamScanner

ፈስ ጽድቅን እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብክርስ
ቶስ ስመይን ብሚካኤል መልኣኽ ምኽረ
ይን ብገብርኤል ዜናዊ ልደተይን እምሕለ
ልኪ ኣሎኹ። በቶም ሸዱሸተ ክንፍን
ብዙኅ ኣዒንትን ዘለዎም ብኣርባዕተ እንስሳ
ፀወርቲ ወንበረይ እምሕለልኪ ኣሎኹ።
ብዕስራን ኣርባዕተን ካህናተ ሰማይ ንወንበ
ረይ ዝዓጥኑን ንኽብሪ ሀላወይ ዘመስግኑን
እምሕለልኪ ኣሎኹ። በቶም እልፍ ብየማ
ነይ ዝቆሙ፡ እልፍ ብጸጋመይ ዝቆሙ፡
እልፍ ብድኅረይ ዝቆሙ፡ እልፍ ብቅድመ
ይ ዝቆሙ እምሕለልኪ ኣሎኹ።

በቶም እልፍ ኣእላፋት ወትእልፊተ
ኣእላፋት ትጉሃን መላእኽተይ እምሕለልኪ
ኣሎኹ። ብኣዳም ቀዳማይ ፍጥረተይን

ብኣቤልን ሴትን ብቃይናንን መላልኤልን
እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብኄኖክን ኄኖስን
ብያሬድን ማቱሳላን እምሕለልኪ ኣሎኹ።

ብኖኅ ባርያይ ምስኡ ኪዳን ሰማይን
ምድርን ዝገበርኩ ምስ ለመኒ ድማ
ንምድሪ ብማይ ኣይጒ ዳግማይ ኣይከጥፍ
ኣን እየ ኢለ ኪዳን ዝኣተኹሉ እምሕለ
ልኪ ኣሎኹ። ንትእዛዘይ ዝዐቀበ ብሴም
በኵረይ እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብኣይ ዝተ
መሰለ ብካህን መልከጼዴቅ እምሕለልኪ
ኣሎኹ። ብኣብርሃም ፈታውየይ ብይስሓቕ
ቆልዓይ ብእስራኤል ቅዱሰይ ዓሠርተ
ክልተ ኣዕኑድ ዝተኸልኩሉ እምሕለልኪ
ኣሎኹ። ብይሁዳን ፋሬስን ብዮሴፍን

Scanned with CamScanner

ቢንያምን ብሌዊን ይሳኮርን ብሓፈሻ ብዓ
ሠርተ ክልተ ነገደ እስራኤል እምሕለልኪ
አሎኹ፡ ብኩሎም ቀዳሞት አቦታት እምሕ
ለልኪ አሎኹ። ብሄኖክን ኤልያስን ጸሓፍ
ቲ ትእዛዘይ እምሕለልኪ አሎኹ።

ብከርሥኺ ንጽሕቲ አብ ውሽጣ ትሸዓ
ተ ወርጎን ኃሙሽተ መዓልትን ዝተቐመ
ጥኩላ እምሕለልኪ አሎኹ። ብኣጥባትኪ
ካብአን ካብ መዓርን ሽኮርን ዝጥዕም ካብ
ጸባ ዝፅዕዱ፡ ካብ ማይ ገነት ኤደም
ዝነጽሕ ጸባ ዝተዓንገልኩለን እምሕለልኪ
አሎኹ።

ብዓሠርተ ኃሙሽተ ነቢያት ሰበኹቲ
ትእዛዘይን ብሚእትን አርባዓን አርባዕተን
ሽሕ ሕዛናት ቤተ ልሔም ሄሮድስ ምእንቲ

ስመይ ኢሉ ብዝቐተሎም እምሕለልኪ
አሎኹ። በቶም ምእንታይ ኪብሉ ንነፍሶም
በጃይ ዝሃቡ ዓሠርተ ክልተ ሓዋርያት
ሰበኹተይን ብኩሎም ኣርድእተይን እምሕ
ለልኪ አሎኹ። ብሰማይ ወንበረይ ብምድሪ
ኸኣ መኽየዲ እግረይ እምሕለልኪ አሎኹ።

ብነበልባል እሳት መጋረጃይን ብኣርያም
ፍጹም መጎደርየይን እምሕለልኪ አሎኹ።
ብዕፀ መስቀለይን ብሽንካር አእዳወይን
አእጋረይን ብመውጋእቲ ጎነይን እምሕለ
ልኪ አሎኹ። ብምፍሳስ ደመይን ብሕማ
መይን ሞተይን እምሕለልኪ አሎኹ።

አብ ከርሢ ምድሪ ሠለስተ መዓልትን
ሠለስተ ለይትን ብምንዳረይ እምሕለልኪ
አሎኹ። ካብ መቓብር ብምውፅአይን ናብ

Scanned with CamScanner

ሲኦል ብምውራደይን ካብ ምውታን ተፈልየ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ብምትንሥኣይን ናብ ሰማያት ብዓቢይ ክብሪ ብምዕራገይን ብክብሪ ንዝግለጸላ ብዳግማይ ምጽኣተይን እምሕለልኪ ኣሎኹ።

ብቅዱስ ሥጋይን ብክቡር ደመይን እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብኢየሩሳሌም ሰማያዊት ሃገረይን ብጽዮን ብምስጋና ምልእትን እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብቅድስት ቤተ ክርስቲያን መርዓተይን ብዕለተ ሰንበት ክርስቲያን ኣብኣ ዝተወለድኩ ኣብኣ ዝተጠመቕኩ ኣብኣ ንሕይወትን መድኃኒትን ዝኾነውን ትንሣኤይ ዘግሃድኩላ እምሕለልኪ ኣሎኹ።

ብደብረ ዘይትን ብደብረ ጽዮን ደብረ

መንግሥተይን ብጎልጎታ መቓብረይን እምሕለልኪ ኣሎኹ፡ ብመልክዕኪ ፃዕዳን ብብሩህ ኣልባስክን ብኩሉ ሠናያትክን እምሕለልኪ ኣሎኹ።

ኦ ማርያም ወላዲተይ ኦ ድንግል ኣደይ ከም ዘይሕስወክን ነዚ ዝሃብኩኺ ከም ዘይዕምፀክን እምሕለልኪ ኣሎኹ። ብስምኪ ዝተቐደሰ ታቦት ኣነ ኣብኡ ከጽልልን ንመሠዋዕቱ ድማ ከጸብቕን ከም መሠዋዕቲ ኣቤልውን ክቕበሎ እየ በላ።

ሽዑ ብርኽቲ ንስኻ ቡሩኽ ኢኻ ኣቦኻ ቡሩኽ መንፈስ ቅዱስውን ቡሩኽ እዩ። ነዚ ኩሉ ዝሃብካኒ ብፍቕድካ ኢኻ። ምስጋና ንኣኻ ጎይታይ ምስጋና ነቦኻ ምስጋና ንመንፈስ ቅዱስ ሎምን ንዘለዓለም

ዓለም ይኹን፡ ኣሜን!!!

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ኵሉ ንወላዲቱ ምስ ነገራ ሰላሙ ሂቡ ናብ ሰማያት ብዓቢይ ክብሪ ዓረገ። ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ድማ ንእግ ዚኣብሔር ንስኻ ቡሩኽ ኢኻ፡ ስምካ ይመስግን፡ መንግሥትኻ ይባረኽ ምስ ቅዱስ መንፈስካ ምስጋናን ክብርን ሎምን ንዘለዓለም ዓለም እናበለት ብሰላም ናብ ቤታ ኣተወት፡ ኣሜን!!!

ኦ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም በዚ ቃል ኪዳንኪ ካብ ኢድ እኵያት ሰባትን ካብ ተግብኦ ናይ ርኹሳት ኣጋንንትን ንኣይ ንባርያኺ _____ ዓቅብንን ኣድኅንን።

ነዚ ጸሎት ምስ ፈጸምካ ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦናን ጸሎተ ሃይማኖትን ኣብጺሕካ ጸሎትካ ፈጽም።

